# ግድሊ ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ ዩስጢኖስ

8 ጥቅምቲ 1800 - 31 ሓምለ 1860



ኣቅራቢ ኣቶ ኃይለሥላሴ ገብረመስቀል

ቊምስና ደብረ ኪዳነ ምሕረት -
ቶሮንቶ፡ ካናዳ፡ ሰነ 2005

# ታሪኽ ሕይወት
# ኣቡነ ያዕቆብ

እዛ ጽሕፍቲ ኣዚኣ ብዛዕባ ታሪኽ ሕይወት ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ ብከፊሉ ኣፍእም እትብል እያ። ኣብ ሃገርና (ብጠቕላላ ኣብ ምድሪ ሓበሻ) ዝፈጸምዎ ተልእኮ ናይ ስብከተ ወንጌል ይኹን ሠናይ ተግባራት ጸብጺብካ ዚወዳእ ስለዘይኮነ፡ ዓመታዊ ዝኽሮም ምክንያት ብምግባር ካብቲ ታሪኾም፡ ከምቲ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ዝብሃል፡ ቅሩብ ትንክፍ ከብሎ።

ብዕለት 8 ጥቅምቲ 1800 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ሰንፈለ (ኢጣልያ) ካብ *ደያኮቢስ* ዚበሃሉ *ሥድራ* ተወልዱ። ብዕለት 13 ጥቅምቲ 1818 ዓ.ም.ፈ. ናብ ማኅበር ልኡኻን (ላዛሪት)፡ ኣብ ገዳም ናፖሊ ኣተዉ። ብ1824 ዓ.ም.ፈ. መዓርግ ክህነት ኣብ ብሪንዲዚ ዝተባህለት ከተማ ደቡባዊ ዓዲ ጣልያን፡ ኣብ ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ሚካኤል፡ መዓርግ ክህነት ተቐበሉ። ን15 ዓመታት ዝኣኽል ኣብ ቁምስናታትን ኣብ ተልእኮ ማኅበር መንፈሳዊ ኣገልግሎቶም ወፈዩ።

ብ1839 ኣሰር ክርስቶስ ምኽታል ብወደብ ምጽዋዕ ናብ ሃገርና ኣቶም ቋንቋን ባህሊ ሕዝቢ ሓበሻ ከጽንዑ ተጸምዱ። ኣብ ሳልሳይ ወርሖም ንፈለማይ ጊዜኦም ብቋንቋ ሓበሻ ተዛሪቦም ኪሰብኩ ምስ ጀመሩ ከኣ

> *"ናይ ልቢ ማዕጾ ኣፍ ኢዩ። መፍትሑ ከኣ ቃል ኢዩሞ እነሆ ቃለይ ብምኽፈት መፍትሕ ልበይ እሀበኩም ኣሎኹ...። እግዚኣብሔር ንዓይ ዕድመ ዝሃበኒ ነገልግሎትኩም ኢሉ ኢዩ'ሞ ክልተ ወይ ሠለስተ መዓልቲ'ውን ይኹን ዕድመ እንተደኣ ሂቡኒ ነገልግሎትኩም ከወፍየን እየ.... ዋናታት ሕይወተይ ንስኻትኩም ኢኹም። ደመይ'ውን እንተደሊኩም እንኩ መትንታት ደመይ ጠቢሕኩም ክሳዕ መጨረሽ ነጥቢ ኣፍሰስዎ..."*
>
> *"ንስኻትኩም ብርሃን ዓለም ኢኹም... እቲ ጽቡቕ ግብሪኩም'ውን ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ ከመይ ነቲ ጽቡቕ ግብርኩም ርእዮም ነቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ምእንቲ ኺኽብርዎን ክውድስዎን"*
> (ማቴ 5፡ 11-14)

ዚብል ቃል ቅዱስ ወንጌል ኣማሕጺኖም ነቶም ክልተ ብጾቶም ኣብ ዓድዋ ምስኦም ዚቕመጡ ዝነበሩ ሓደ ንጉንደርን ከባቢኣን ነቲ ሓደ ከኣ ንሸዋን ከባቢኣን ወንጌል ንክሰብኩ ክሳብ ኣኽሱም ብእግሮም ኣፋነውዎም።

ንሶም ኣብ ዓድዋ ክዳን "ሃገርና ተወንዚፎም ነቲ ሕዝቢ መሲልካ ምካድ" ተተሓሓዝዎ። በቲ ዝነበሮም መንፈሳውነትን ንእግዚእትነ ማርያም ዚህብዎ ዝነበሩ ኣኽብሮትን ተዓዚቡ ሕዝቢ *"ያዕቆብ ማርያም"* ዚብል ሳጓ ኣውጽኡሎም። ብዘይካ እቶም ተራ ሕዝብን ደቂ ዓድን፡ ምሁራትን ዓበይትን ደብተራ ኣማረ ክንፈ፤ ብፁዕ ገብረሚካኤል፣ ኣብ ተኽለሃይማኖት ዓቢይ (ጕልዓ)፣ ኣባ ተኽለሃይማኖት ንኡስ (ዓድዋ)፣ ኣባ ገብረማርያም፣ ኣባ ተስፍጽዮን፣ ኣባ ተክለሚካኤል ደብተራ ኃይሉ ...ወዘተ ተጸንበርዎም። ቅ. ኣቡነ ያዕቆብ ድማ በቲ ኣምላኽ ዝገበረሎም ኣሳልጦን፡ ኅውነታዊ ፍቕሮም ንምግላጽን ነተን ዓበይቲ ኣደባራት ደብረዳሞ፣ ደብረጉንደጉንደ፣ ደብረ ዋንድባ ... ወዘተ በጽሑወን።

ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመታት ከኣ ካብ ዓድዋ ተበጊሶም በሓሰኣ መረብ ሰጊሮም፡ ክልተ ጊዜ ብዓዲ ኳላ፣ ኩዶፈላሲ፣ ድባርዋ፣ ሸከቲ፣ ዓመጺ፣ ደብረሲና፣ ፍልፍል፣ ጕልጕል ዓይለት፣ ምንኵሉ ንምጽዋዕ በጺሖም፡ ካርነሽም፣ኣሥመራ፣ ጸሎት፣ ደብረቢዘን በጺሖም ንትግራይ ተመለሱ። ካብ ዓድዋ ስለዘሳደድዎም፡ ብዕለት 10 ታሕሳስ 1844 ዓ.ም.ፈ. ብድጊ 100 ባጤራ ከፊሎም፡ "ደብረ ንጽሕት ደንግል ማርያም" ዝተሰምየ ገዳም ዘርኣ ክህነት ኣብ ጕልዓ ከባቢ ዓዲ ግራት መስረቱ። ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ድማ 25 ዝኾኑ ካህናትን ዲያቆናትን ኣፍርዮም፡ ብ1847 ዓ.ም.ፈ. ሓዋርያዊ ተልእኮኦም ንኽፍጽሙ ለኣኩዎም።

ቅ. ኣቦና ኣብ ወርሒ ጥሪ 1849 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ብኢድ ኣቡነ ማስያስ መዓርግ ጵጵስና ተቀብኡ። ብወርሒ ጥሪ 1851 ዓ.ም.ፈ. (ድሕሪ 2 ዓመት) ከኣ ንብፁዕ ገብረሚካኤል ኣብ

ቤተክርስትያን ዓሊተና ባዕሎም መዓርገ ክህነት ኣልበስዎም። ኣብቲ ጊዜ'ቲ ኣባ እምነቱን ባዕሎምን ንሓላይ እንዳተመላለሱን ኣብኡ እውን እንዳተቀመጡን እንከለዉ ኣብ'ቲ ከባቢ ትሕትናኦም መንፈሳውነቶምን ብተግባር ኣመስከሩ። ኣብ ኣከዳድና ኣብ ኣመጋግባ ይኩን ኣብ መንጸፍ ለይቲ ነቲ ሕዝቢ መሲሎም ልዕልና ከየርኣዩ፡ ብትሕትና ድኽነት መሪጾም ይነብሩ ነበሩ። ኣባ ፓሶ ዝብሃሉ ካብ ሃገር ፈረንሳ ተላኢኮም ተልእኾ ኣቦና ንኺግምግሙ ዝመጹ

> *"እዚ ሰብዚ ብሕያውነቱ የዋህነቱ ልግስናኡ ትዕግሥቱን ተጋድሎኡን ምስ'ዚ ሕዝቢ'ዚ ኪነብሩ ተሳናድዩ ዝመጸ ኢዩ። ነዚ ሕዝቢ ብሓቂ የፋቅሮ ንኹሎም ኣብ ቤቱ እንዳተቐበለ ከኣ ኩሉ ዝሓተትዎ ዘበለ ኪፍጽመሎም ይጽዕር ጻጻስ ክነሱ ካብቶም ተማሃርቱ ብሓንቲኳ ኣይፍለዮም። ምስኦም ይበልዕ ከምኦም ይኸደን ከምኦም ኣብ ምድሪ ይድቅስ ከም ቅዱስ ኢዩ ዝግመት እግዚኣብሔር ብሕያውነቱ ነዛ ሃገር ዘውጽኦ መደብ እንተልዩ ከኣ ዝበለጸ መሳርሒኡ ኸከውን ዚክእል ኣብ ያዕቆብ እዩ"*

ኪብሉ መስከሩሎም።

ብ1851 ንሓላይ፣ ብ1855 ንሐቦ ተንቀሳቀሱ። እቲ ኣብ ጐልዓ ብ1845 ተመስሪቱ ዝነበረ ዘርኣ ኽህነት ብስደት ምክንያት ገደፍዎ።

ኣብ ደብረ ቅ.ሚካኤል ሓላይ ብ28 ጥሪ 1853 ዓ.ም.ፈ. ንአቡነ ቢያንከሪ መዓርግ ጵጵስና ቀብእዎም። ስብከቶም ንኬስፍሑ ንበዓል ብፁዕ ገብረሚካኤልን ኣባ ተስፋጽዮንን ኣባ ተኽለሃይማኖትን፡ ዲያቆን ወልደገብርኤልን ደብተራ ጸጋይን ሒዞም፡ ንጐንደር ከዱ።

ድሕሪ ቍሩብ ጊዜ ብዕለት 15 ሓምለ 1854 ዓ.ም.ፈ. ሓፀይ ቴዎድሮስ ወተሃደራቶም ልኢኾም ንበይኖም ፈልዮም መቑሕዎም፤ ድሕሪ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ኣቢሉ ስብከተ ወንጌል ንከይቅጽሉ ብመተማ ብርቱዕ ዓሶ ዝነበሮ ቦታ ብወተሃደራት ኣሰንዮም፡ "*ነዚ ሰብ'ዚ ብኣኡ ገቢርኩም ኣጥፍእዎ*" ዚብል ብቋንቋ ዓረብ ዝተጻሕፈ መልእኽቲ ብሕቡእ ኣሰንዮም፡ ናብ ግብጻውያን መራሕቲ ንሱዳን ሰደድዎም። ኣምላኽ ብሓይሉ ስለዘድሓኖም ግን ብስዉር ናብ ጐንደር ተመሊሱ'ሞ ብሓላይ ገቢሮም ንምጽዋዕ ከዱ። እቶም ኣብ ጐንደር ተመቍሖም ዝነበሩ ካህናትን ደባትርን'ውን መጽእዎም እሞ፡ መግረፍቲ ሰውነቶም እንዳ ሓጸቡ ኣሕወይዎም።

ብመንፈሳዊ ፍልጠቶምን ብጽንዓት እምነቶምን ፍሉይ ዝነበሩ ብፁዕ ገብረሚካኤል ግን ኪኸዱ እንከለዉ፡ ሰራዊት ሃጼይ ቴዎድሮስ ብግዲ ተከቲሎም ብዕለት 29 ነሓሰ 1855 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ዲቦ ዝበሃል ቦታ ከባቢ ወሎ ብሰማዕትነት ተሠውዑ።



ቅዱስ ያዕቆብ ኣብ ከበሳ ንመንፈሳዊ ተልእኮኦም ቀጻሊ ስደትን ዕንቅፋትን የጓንፎም ስለዝነበረ ኣብ ምንኩሉ (ከባቢ ምጽዋዕ) መሬት ገዚኦም ዘርኣ ክህነት መሥረቱ።

ንከበሳ ተመሊሶም ብሐቦ፡ ብሓላይ፡ ንዓድዋ ኪኸዱ እንከለዉ'ውን ኣብ ተኰንዳዕ ንሠለስተ ቅነ ዚኣኽል ተሓበሱ። እንካብኡ ተመሊሶም ኣብ ዓረትን ጽንዓደግለን እንካብ ዓዲ ናብ ዓዲ ብእግሮም እንዳተመላለሱ ወንጌል ሰበኹ፡ ብዙሓት ምእመናን ካቶሊካዊት እምነቶም ቀሲሞም ብጽንዓት'ውን ንውሉድ ወለዶ ኣመሓላለፍዎ።

ብ1858 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ከባቢ ምፅዋዕ ሕማም ተላገብ ተላዕለ'ሞ ንሕዝቢ እንዳርገፈ እንከሎ ቅዱስ ኣቦና ጽሓይን ሃሩርን ሰምሃር ከይጸገሞም፡ ክርስትያንን ኣስላማይን ከይፈላለዩ ኣብ ሕክምናን ምግልጋሎምን ተጓየዩ። ኵላቶም ብሠናይ ግብሮም ዝተሃንጹ ሰባት ከኣ *"ሕያዋይ ኣቦ"* ቢሎም ሰመይዎም።

ምስቲ ኵሉ ስደትን ማእሰርትን ዝነበረ ካብ 1847-1860 ዓ.ም.ፈ. ቅዱስ ኣቦና ብሕይወቶም እንከለዉ ባዕሎምን ኣቡነ ማስያስን ን35 ደቂ ሃገር መዓርገ ክህነት ሃቡ። ንዓሠርተ ዓመት ብመዓርገ ጵጵስና ኣገለፍዎ።

ብዕለት 31 ሐምለ 1860 ዓ.ም.ፈ. እንካብ ምንኩሉ ንኸበሳ እንዳሰጎሙ እንከለዉ፥ ኣብ ሩባ ዓሊ ገደ ሕማም በርቲዑዎም ድኅሪ ሠለስተ ሰዓት ሞት ከምእትመጾም ገለጹ'ሞ ንተመሃርቶም ጸዊዖም

*"ከምቲ መድኀን ክርስቶስ ንሐዋርያት ዝተሰናበቶም ኣነ'ውን ንኣኻትኩም እሰናበተኩም ኣሎኹ። ወትሩ ኃቡርኩም ክትነብሩ ዘሎኒ ሃረርታ ከም መንፈሳዊ ውርሻ ውረስዎ። እንካብ ማእከልኩም ጽልእን ሕሜታን ኣርሕቑ ነንሕድሕድኩም ተፋቐሩ።*

*"ኣብ ብርቱዕ መንፈስ እምነት ብሕልፊ ከኣ ኣብ ኀውነታዊ ፍቕር ጽንዑ፤ መብራህቲ ሃገርኩም ኩኑ.... ። ብጉድልነተይ ዘዓንቀፍኩኹም ይቕረ በሉለይ ንኹሉ'ውን ረስዕዎ። ሕራይ በሉ ደቀይ ኵልኹም ኣብ ልበይ ኣሎኹም"*



ቢሎም ካብ'ዛ ጻዕርን ሃለኸለኽን ዝመልኣ ዓለም ንዘለዓለም ብምስንባት ጻድቃን ተሰናቢቶም፥ ንሰላም ዓረፉ። ምስ ዓረፉ ብሕዝቢ ሰንኣን ዓረትን ተጾይሮም ብሩባ ሐዲዳ ንሔቦ ኣተዉ'ሞ ኣብኡ ብዓቢይ ክብሪ ሐመድ ኣዳም ለበሱ። ዓመታዊ ናይ ድግሰት ቦታ ኰይኑ'ውን ይቅጽል ኣሎ።

ቤተ ክርስትያን ታሪኰም መርሚራን ፍረ ጻማ መንፈሳዊ ኃይሎምን ጻዕሮምን ኣጽኒዓን ብዕለት 25 ሠነ 1939 ዓ.ም.ፈ. ብፁዕ ቢላ ሰመየቶም። ብዕለት 29 ጥቅምቲ 1975 ዓ.ም.ፈ. ከኣ ቅድስናኦም ንዓለም ምሉእ ኣበሰረት።

ቅዱስ ኣቦና ብፍሉይ ኣገባብ በባሓጐታትና ንሕዝብና ዘመሓለለፍዎ ቀንዲ መልእኽቶም

*"ኣኀዋተይ ኵሉኻትኩም በቲ እትብልዎ ተሰማምዑ ኣብ ማእከልኩም ፍልልይ ኣይረኸብ። ብሓደ ዕላማን ብሓደ ሓሳብን ምሉእ ብምሉእ ክትወሃሃዱ ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣማኅፅነኩም ኣሎኹ" (1 ቆሮ.ኀ.10)*

ዚብል ቃል ኣምላኽ ክርስቲያናዊ መምርሒና ኪኸውን ከም መንፈሳዊ ውርሻ ዘውረሱና ኣባታዊ ውርሻኦም ኢዩ።